## ሓላፊ ክፍሊ ስርዒታዊ ጕዳያት ምስ
## ጨንፈር ራቸስተር ኣኼባ ኣካይዱ

## ክፍሊ ዜናን ባህልን
## ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
## 19 ጥሪ 2010

ብዕለት 16 ጥሪ 2010 ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ጨንፈር ራቸስተር ዕውት ኣኼባ ኣካይዱ። ኣብዚ ዝተኻየደ ኣኼባ ኣቶ ተስፋሚካኤል የውሃንስ ኣባል ፈጻሚት ኣካልን ሓላፊ ክፍሊ ስርዒታዊ ጉዳያት ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራን ተረኺቡ ብዛዕባ ሓድሽ ሰልፍን ዕዉት ሓባራዊ ዋዕላን መደባቱን፣ ብዛዕባ ኣብ ቅድሜና ዝጽበዩና ዘለዉ ብድሆታትን ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪቡ።

ኣባላት ሰልፊ  ጨንፈር ራቸስተር ሓባራዊ ምጽንባራዊ ዋዕላ ብዓወት ምድምዳሙ ዝተሰምየም ሓጎስ ድሕሪ ምግላጽ  ብመንገዲ  ሕቶን ርእይቶን ብዛዕባ ዝቐረበ መግለጺ ብሓፈሻኡ ብፍላይ ድማ ኣብ  ምጽንባራዊ ዋዕላ ዝጸደቑ ፖለቲካዊ  ዉሳኔታትን፡ደንበ ተቓዉሞን፡ሰቪካዊ ማሕበራትን  ዉደባን ኣልዒሎም ድሕሪ  ምምይያጥ ኣዕጋቢ  መልሲ ተዋሂብዎም ብዓቢ ፍናን ተደምደመ።

ኣብ መወዳእታ ኣባላት ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ጨንፈር ራቸስተር  ነቲ ሰልፊ ተዓጢቕሉ ዘሎ መትከላትን ስትራተጂን ንምዕዋቱ ዘለዎም ዝልዓለ ድልዉነቶም ኣረጋጊጾም ።

ሰልፊ  ዲሞክራሲ  ህዝቢ ኤርትራ
ጨ ንፈር ራቸስተር (ኒው  ዮርክ)
16 ጥሪ 2010